# ኣገልግሎት ምጥያስ ስኮትላንድ (SIS)

## ሓገዝ ብኸመይ ክንህብ ንኽእል

ነሓሰ 2002

29th Floor
33 Petershill Drive
Glasgow, G21 4QQ
ተሌ፥ 0141 558 6268
ተሌ፥ **0800 085 6087** (ካብ ተንቀሳቓሲ ተሌፎን ዘይኮነስ፡ ካብ ቀዋሚ ተሌፎናት ንዚግበር ጻውዒት)
መርበብ-ሓበሬታ፥ www.scottishrefugeecouncil.org.uk

**ንሕና መን ኢና?**

ኣገልግሎት ምጥያስ ስኮትላንድ (SIS)፡ ክፋል ቤት ምኽሪ ስደተኛታት ስኮትላንድ (Scottish Refugee Council) እዩ።

ትካል ግብረ-ሰናይ ኢና። ክፋል መንግስቲ ዩናይትድ ኪንግደም ወይ ሆም ኦፊስ ኣይኮንናን። ምስጢራውን ናጻን ኣገልግሎት ድማ ንህብ።

ብዛዕባ መስርሕ ዑቕባ፣ ምርካብ ደገፍ ዑቕባ (ገንዘባዊ ሓገዝን መንበሪ-ገዛን) ዚምልከት ምኽርን ሓበሬታን ንህብ፣ ሕጋዊ ምኽርን ሕክምናዊ ክንክንን ንኽትረኽቡ ድማ ሓገዝ ክንህብ ንኽእል።

**ዝኽፈተሉ ሰዓታት**

| | |
|---|---|
| ሰኑይ | 9:30 – 13:00 ከምእውን 14:00 – 16:00 |
| ሰሉስ | 9:30 – 13:00 ከምእውን 14:00 – 16:00 |
| ረቡዕ | 14:00 – 16:00 |
| ሓሙስ | 9:30 – 13:00 |
| ዓርቢ | 9:30 – 13:00 ከምእውን 14:00 – 16:00 |

**እንርከበሉ ቦታ**

ኣብ ግላስጎው ኣብ 33 Petershill Drive ዘሎ ህንጻ YMCA ኣብ መበል 29 ደርቢ ንርከብ። ኣብ መበል 29 ደርቢ ናብ ዚርከብ ቤት ጽሕፈትና ንኽትመጹ ሊፍት ተጠቐሙ።




ንብዝሑነት ነኽብር ኢና። ካብ ኵሉ ዓይነት ዓመጽን ኣድልዎን ናጻ ዝኾነ ኣገልግሎት ኣብ ቦታ-ስራሕና ንኽንህብ ንጽዕር ኢና።

ዓሌት፣ ሃይማኖት፣ ዕድመ፣ ዜግነት፣ ዓሌታዊ ወይ ብሔራዊ መበቆል፣ ጾታ፣ ጾታዊ ምርጫታት ወይ ስንክልና ብዘየገድስ ምስ ኵሎም ኣባላት ኮም ኲንና ንሰርሕ።

**ብኸመይ ክንሕግዘኩም ንኽእል**

ኣብ SIS፡ ከምዚ ዚስዕብ ኽንገብር ንኽእል፥

- ብዛዕባ መስርሕ ውቕባ ዚምልከት ሓበሬታ ንህብ
- ብዛዕባ ደገፍ ውቅባን መንበሪ ገዛን ዚምልከት ሓበሬታን ደገፍን ንህብ
- ብዛዕባ ዘለኩም መሰላትን ግቡኣትን ዚምልከት ምኽሪ ንህብ
- ንኣገደስቲ ሰነዳት ንገልጽ
- ኣብ ስኮትላንድ ኣብ ሕጊ ውቕባ ዝሰርሕ ብቑዕ ሕጋዊ ወኪል ኣብ ምርካብ ንሕግዝ
- ኣብ ክንዳኹም ኬንና ምስ ሆም ኦፊስ ንዘራረብ
- ኣብ ሓፈሻዊ ሓኪምኩም ንኽትምዝገቡ ንሕግዝን፡ ናብቲ ቦታ ብኸመይ ከምእትኸዱ ዚሕብር ካርታን መምርሒታት ጕዕዞን ንህበኩምን
- ብሰንኪ ዘለኩም ዓሌት፣ ሃይማኖት፣ ጾታዊ ኣረኣእያ፣ ጾታ፡ ንኣብነት ዘቤታዊ ዓመጽ/ጸቕጢ ዜጠቓልል መጥቃዕቲ ምስዘጋጥመኩም ሓገዝ ንህበኩም
- ንሕና ክንሕግዘኩም ዘይንኽእል እንተኼንና ድማ ፍሉይ ተሞክሮን ክእለትን ናብ ዘለወን ትካላት ነመሓላልፈኩም
- እቲ ክትረኽብዎ መሰልኩም ዚኾነ ሓገዝ ስለዘይረኸብኩም ጥርዓን ኽተቕርቡ እንተደሊኹም ሓገዝ ንህበኩም
- ኣብቲ እትነብርሉ ከባቢ ብዛዕባ ዝርከቡ ትካላት ውቕባን ካልኦት ኮማዊ ውድባትን ዚምልከት ሓበሬታ ንህብ
- ማሕበራዊ ክንክንን ንናብራ ዜድሊ ኣገዳሲ ነገራትን ዝኣመሰሉ ዓውድታት ዜጠቓልል ኣብ ዩናይትድ ኪንግዶም ብዛዕባ ዚህሉ ህይወት ዚምልከት ድማ ግብራዊ ሓበሬታ ንህብ

**ንሕና ኽንገብሮ ዘይንኽእል ነገራት፥**

- ኣብቲ እተቕርብዎ ሕቶ ውቕባ ንዓኹም ኣይንውክልን
- ሕጋዊ ምኽሪ ኣይንህብን ኢና፣ እንተኾነ ግን ብዛዕባ መሰላትን ትርጉም ሕግታትን ዚምልከት ምኽሪ ክንህብ ንኽእል
- ብሰበ-ስልጣን ከባቢ ወይ ብሆም ኦፊስ ንዝተዋህበ ውሳኔታት ኣይንቕይርን

**ምጥቃም እንህቦ ኣገልግሎታት**
ነገራት ክሳዕ ክንደይ ኣጸጋምን ወጣርን ምኳኑ ስለእንርዳእ ክንሕግዘኩም ንጽዕር ኢና። እንተኾነ ግን፡ ሰራሕተኛታትና ወይ ካልኦት ዓማዊል፡ ኣስጋእቲ ነገራት፣ ምፍርራህ ወይ መጥቃዕቲ ኽፍጽሙ ቅቡል ኣይኮነን። ከምዚ ዝኣመሰለ ተግባር ኣብ ዝፍጸመሉ ግዜ፡ እቶም ዝፈጸምዎ ሰባት፡ ኣገልግሎትና ንኸይረኽቡ እገዳ ይግበረሎም እዩ።

**ቈልዑ**

ቈልዑ፡ ኣብ ቤት ጽሕፈት SIS ንኽኣትዉ ይፍቀደሎም እዩ። ብኽብረትኩም ንቈልዑ ኣብ ገዛ ንበይኖም ኣይትግደፍዎም - ናብ ቆጸራታት ሒዝክምዎም ምጹ።

**ርእይቶታትን ጥርዓናትን**

ንእትህብዎ ርእይቶ ነኽብር ኢና። ነቲ እንህቦ ኣገልግሎት ብቐጻሊ ኽነመሓይሾ መታን ኽንክእል ብኽብረትኩም ንዘሎና መሕተት ምልኡ። ኣብ መሕተት ስምኩም ንኽትገብሩ ግዴታ ኣይኮነን።

ጥርዓን ኽተቕርቡ እንተደሊኹም፡ ንሓደ ካብ ዘለዉና ኣማኸርቲ ኣዘራርቡ ወይ ድማ ኣብ ቤት ጽሕፈትና ንዚርከብ ቅጥዒ ጥርዓን ምልኡ።

ንቤት ጽሕፈት ኮሚሽነር ኢሚግሬሽን (Office of the Immigration Commissioner (OISC)) ድማ ኽትጠርዑ ትኽእሉ ኢኹም
http://www.oisc.gov.uk/